# 13 ሚያዝያ 2002
# 13 ሚያዝያ 2019
# ታሪኽ ዝመልአ መዓልታት

ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ




1-ኮምሽን ምምልካት ዶብ 13 ሚያዝያ 2002 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዶብ ዓንድታት ንምትካል ዘኽእሎ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ወሳነኡ ኣሕሊፉ።

2- ኤርትራ ነቲ ብ18 ሰነ 2000፡ ብ12 ታሕሳስ 2000 ምስ ኢትዮጵያ ዝኸተመቶ ክልተ ኣህጉራዊ ስምምዓት ንምትግባር ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ምስ ወጸ ብቐጥታ'ያ ተቀቢላቶ። ኢትዮጵያ ግን ከተዕጠጢ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም መግለጺ ግህሰት ናይ'ቲ ዝኸተመትሉ ክልተ ኣህጉራዊ ስምምዓት ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝነጸገቶ ብ19 መስከረም 2003 ኣፍሊጣ።

3- ኢትዮጵያ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ካብ ዝወጸሉ ድሕሪ 16 ዓመት ብፍላይ ከኣ ብ5 ሰነ 2018 ብምቅባል ከም ዘለዎ ንምትግባር ድልውቲ ምዃና ኣፍሊጣ። እዚ ግን ነቲ ውሳነ ንምብርዓን ብሓደ ወገን፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ንምውዳቕ ድማ በቲ ካልእ ዝገበረቶ ፈተነታት ድሕሪ ምፍሻሉ ዝመጸ እዩ።

4-ብ9 ሓምለ 2018 ኤርትራን ኢትዮጵያን “ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን” ኸቲመን። ቀዳማይ ናይ’ዚ ስምምዕ’ዚ ኸኣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸንሐ ኩናት ኩናት ከም ዘብቅዕ ብምግባር፣ ሓድሽ ናይ ሰላምን ምሕዝነትን ምዕራፍ ብምኽፋት፣ በዚ መሰረት ከኣ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ንቡር ዝምድና ንምርግጋጽ ኩሉ ኣድላዪ ዝበሃል ስጉምቲታት ከም ምልውዋጥ ኢምባሲታትን ናይ ምድሪን ኣየርን መጓዓዝያን ወዘተ ምኽፋትን ዝኣመሰለ ስጉምቲታት ተወሲዱ።

5-ተሪፉ ዘሎ፦
5-1፦ ምስሓብ ሓይልታት ኢትዮጵያ ካብ ኩሉ ዝጐበጦ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ።
5-2፦ ኤርትራውያን ዜጋታት ናብ’ቲ ብሰንኪ’ቲ ኢትዮጵያ ብ13 ግንቦት 1998 ዝወልዓቶ ኩናት ዝተመዛበልሉ ርስቶም ክምለሱ።
5-3፦ ናብ’ቲ ኣብ ትሕቲ ጕበጣ ኢትዮጵያ ዘሎ ከባቢታት ኤርትራ ወግዓውን ህዝባውን ምምሕዳራት ኤርትራ ክምለስ።
5-4፦ ኣብ ኩሉ’ቲ ንክልቲኦን ሃገራት ዘዳውብ ኣህጉራዊ ዶብ ዓንድታት ብምትካል ብግብሪ ዶብ ከም ዝምልከት ምግባር።

13/04/2019